▶ ኣብ ኣውቶቡስ ምስቃል

ናይ Metro ምርበብ ሓበሬታ ኣብ Metro www.kingcounty.gov/metro ኣቲኹም ወይ ድማ ቁ. ተሌፎን (206) 553-3000 ደዊልኩም እትደልይዋ ኣውቶቡስን ዐዐው ትብለሉ ቦታታትን ሓቲትኩም ግዕዙኹም ክትምድቡ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

ኣብ መዕረፍ ኣውቶቡስ ምስ በጻሕኩም እታ ትደልይዋ ኣውቶቡስ ቁጽራ ኣብቲ ዓንዲ ምልክት እንተልዩ ኣ ረጋግጹ፡፡ እታ ኣውቶቡስ ምስ መጸት ኣብ ላዕለዋይ ክፋል መስኮታ ቁጽራን ትኸዶን ቦታ ተጻሒፉ ኣ ሎ፡፡ ነዚ ሪኢኹም ትደልይዋ ኣውቶቡስ እንተኾይና ኣ ረጋግጹ፡፡ ብቐዳማይ ማዕጾ ናይታ ኣውቶቡስ ኣቲኹም ዘድሊ መስቀሊ ገንዘብ ክፈሉ፡፡

እቲ ኣብ ቅድሚት ዘሎ ኮፍ መበሊ ንኣረጋውያንን፡ ኣካል-ስንኩላን ኢዩ፡ ኣብ መተሓላለፊ ቦታ ናይቲ ኣውቶቡስ ጥዐው ኣይትበሉ መታን ካልኦት ሰባት ኣብ ዘድልዮም ኮፍ መበሊ ክሓልፉ፡፡

ናይ Metro ኣውቶቡስ መስቀሊ ብጥረ-ገንዘብ ወይ ድማ ናይ Metro መሰጋገሪ ወረቐት፡ Metro ተኬት ወይ ORCA ካርድ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ኣብቲ ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ናይ መኣከብ ገንዘብ ሳንዱቕ ልክዕ ገን ዘብ ከተእትው ወይ ናይ ORCA ካርድኹም ክትጥውቁ ትኽእሉ ኢኹም፡ ወይ ድማ ንመራሕ ኣውቶቡስ ቲኬት፡ ወይ መሰጋገሪ ወረቐት ኣርእይዎ፡፡ መራሕ ኣውቶቡስ ገንዘብ ኣይሕዝን ኢዩ፡፡

ኣብቲ ክትወርድሉ ትደልዩ ቦታ ምስ በጻሕኩም፡ እቲ ኣ ብ ልዕሊ መሳኹቲ ዘሎ ገመድ እንተስሒብክምዎ ዘዋር ኣውቶቡስ ይፈልጥ እሞ ከውርደኩም ይኽእል፡፡

▶ ዝኽፈል ገንዘብ

Metro ክልተ ናይ "ገንዘብ ዝኽፈሎ ዞናታት" ኣለዎ፡፡ እንተድኣ ትኸድዎ ቦታ ካብ ከተማ Seattle ወጻኢ ኮይኑ ናይ ክልተ-ዞና ገንዘብ ትኽፍሉ፡፡ ዝኽፈል ገንዘብ ኣብ ብብዝሒ ተጓዓዝቲ ዝጥቀምሉ ግዜታት፡ ማለት ካብ ሰኑይ - ዓርቢ 6-9፡00 ቅ.ቀ. ከምኡውን 3-6 ድ.ቀ. ዘሎ ሰዓታት ዝያዳ ኽብር ዝበለ ኢዩ።

▶ ብ ORCA ካርድ ክትክፍሉ

ብኣውቶቡስ ወይ Sound Transit ላይት ረይል ከምኡውን ብባቡር ክትጉዓዙ ከለኹም ብናይ ORCA ካርድ መስ ቀሊኹም ክትከፍሉ ቀሊል እዩ፡፡ እቲ ናይ ORCA ካርድ "E-Purse" ዝብሃል ንመስቀል ኣውቶቡስ ዝኸውን ገንዘብ ከተእትውሉ ትኽእሉ ኢዩ፡፡ ወይ ድማ ወርሓዊ ናይ ኣውቶቡስ መስቀሊ ገንዘብ ከምዝደለኽምዎ ትመላለስ ሉ ከተእትውሉ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ እቲ ORCA ዝብሃል ካርድ ኣብ ናይ Metro መደበር ዓመዊል ቤት ጽሕፈታት፡ ኣብ ተኬት ዝሽየጡሉ ናይ ላይት ረይል መዕ ረፊ ቦታታት ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.orcacard.com ወይ ብተለፎን ኣብ ቁጽሪ 1-888-988-6722 ደዊልኩም ክትገዝእዎ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ገንዘብ ወይ ወርሓዊ መሕለፊ ክሳብ ትውስ ኹሉ እቲ ካርድ ክሰርሕ ኣይኽእልን ኢዩ፡፡

▶ ትሑት ዞናዊ መስቀሊ ፍቓድ (RRFP)

65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዕድመ፡ ወይ ኣካል-ስንክልና ዘለኩም እንተኾንኩም ነዚ ናይ ዞናዊ መስቀሊ ፍቓድ (RRFP ORCA) ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ እዚ ካርድ እዚ ብዝትሓተ ዋጋ መስቀል ኣውቶቡስ ክህበኩም ይኽእል ኢዩ፡፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ናይ Metro መደበር ዓማዊል ተወከሱ፡፡

▶ መበረኺ ዘለወን ኣውቶቡሳት

ኩለን ናይ Metro ኣውቶቡሳት መበረኺ ስለዘለወን፡ ንኣ ረጋውያንን ኣካል-ስንኩላን ከምኡውን ብዓረብያ ዝኽዱ ሰባት ኣብ ኣውቶቡስ ብዘይጸገም ክድይቡን ክወርዱን ይኽእሉ ኢዮም፡፡፡

▶ መቐመጥ ብሽግሌታ

ኩለን ናይ Metro ኣውቶቡሳት ሰለስተ ብሽግሌታ ዝሕዝ መቐመጢ ቦታ ኣለወን፡፡ ንዘዋር ኣውቶቡስ ብሽግሌታኹም ከተደይቡን ከተውርዱን ምኻንኩም ሓብርዎ፡፡

▶ ስዓታት

ኣውቶቡሳት ዝንቀሳቐሳሉ ስዓታት፣ ዋጋ መስቀልን፣ ካርታን የርኢ፡፡ ኣብ ኣውቶቡሳትን፣ ቤት ንባብን፣ ሞልን፣ ከምኡውን ኣብ ናይ Metro ኣገልግሎት ዓማዊል ቤት ጽሕፈት ክርከብ ይኽእል፡፡

▶ በረድ ኣብ ዝወቕዓሉ ግዜ

ኣብ ግዜ በረድን ሕማቕ ኩነታት ኣየርን ወይ ድማ ኣገልግሎት ኣውቶቡስ ብህጹጽ ምኽንያት ኣብ ዝቋረጸሉ እዋናት ኣብ ቁ. ተለፎን (206) 553-3000 ደዊልኩም ብቐንቂኹም ሓበሬታ ተወከሱ፡፡

▶ Metro ኣገልግሎት ዓማዊል ቤት ጽሕፈት

King Street Center
201 S. Jackson St., Seattle
ሰኑይ - ዓርቢ 8 ቅ.ቀ. - 5 ድ.ቀ.

ዝዐፍኣኩም ንብረት ንምውካስ
ካብ ሰኑይ - ዓርቢ 9 ቅ.ቀ.፣ 1 ድ.ቀ.፡ ከምኡውን ካብ 2ድ.ቀ. - 5 ድ.ቀ.

Downtown Seattle Transit Tunnel
Westlake Station – 3rd Ave & Pine St

ሓበሬታ
ተሌፎን .... 206-553-3000 TTY Relay: 711
ናይ ቋንቋ ምትርጓም ኣገልግሎት ኣሎ
Metro ኦንላይን..www.kingcounty.gov/metro